# ዓቢይ ጾም

ብኣባ ዓውተ ወልዱ ማ.ሲ.ቶ

**መባእታ** ዓቢይ ጾም ካብቲ ኣብ ሃገርና ዚዝውተር 7 ኣጽዋማት፤ ማለት፦

1. **ጾመ ነቢያት** - ካብ ዘመነ ስብከት ሕዳር 15 ጀሚሩ ክሳብ ድሮ ልደት 40 ናይ 40 መዓልታት ጾም፤
2. **ጾመ ገሃድ** - ድሮ ልደትን ድሮ ጥምቀትን ዝጽወማ ሐሐደ ዕለት ብድምረን 2 መዓልታት ጾም፤
3. **ጾመ ነነዌ** - ሰለስተ ሰሙን ቅድሚ ጾም ዓርብዓ -ሰኑይን ሰሉስን ረቡዕን- ዚጽወም ናይ 3 መዓልታት ጾም፤
4. **ዓቢይ ጾም (ጎርቃል፤ ጾመ ዓርብዓ፤ ሕማማት)** - ብድምሩ ናይ 56 መ ዓልታት ጾም፤
5. **ጾመ ሓዋርያት** - ሓዋርያት መንፈስ ቅዱስ ምስ ተቀበሉ ካብ ጽባሕ ጰራቅሊጦስ ክሳብ 5 ሓምለ (በዓል ጴጥሮስ ወጳውሎስ) ዝጸምዎ ካብ 10-40 መዓልታት ዘጠቃልል ጾም፤ (ፍሲካ እንተደንጒየ ይሓጽር ፋሲካ እንተ ቀደመ ድማ ይነውሕ)
6. **ጾመ ፍልሰታ** - ካብ ነሓሰ 1 ክሳብ ድሮ ፍልሰታ ማለት 16 ነሓሰ ዝጽወም ማይ 15 መዓልታት ጾም፤
7. **ጾመ ዓርበ-ሮቡዕ** - ምሉእ ዓመት ካብ ትንሣኤ ክሳብ ጰራቅሊጦስ ዘሎ ጊዜ ወጻኢ ዝጽወም ጾም፤

ሓደ ኰይኑ፤ቅድስት ቤተክርስትያን ንኣሠር እቲ ምእንቲ ድሕነትና ጾምን ጸሎትን፡ ሥቃይን መከራን፤ ስቅለትን ሞትን፡ ኣሕሊፉ ኣብ ዓወት ትንሣኣን፡ ምሕረትን ድሕነትን ዘብጸሐና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ተኸቲላ ፤ ነቲ ንሱ ብኽንገር ዘይካኣል ጻዕሪ ዝረኸበልና መሰል ናጽነት ደቂ ኣምላኽ፡ ናትና ክንገብሮን ናቱ ኪገብረና ንዘመጸ ኣምላኽ ናቱ ኰና ክንርከብን ስጋና፡ ታቦት ኣምላኽ ኮይኑ ንኽርከብ፤ ብጾምን ብጸሎትን ከነሰናድዎ፡ ንነፍስና ከዓ ካብ ኣምላኽናን መድኃኒናን ካብ ዝፈልየና ዘበለ ርሒቅና ምስ ኣምላኽና፡ ምስ ሓውና፡ ምስ ብጻይና ዕርቅን ሰላምን ገርና ሕይወትና ኣብ ቀጻሊ ሰላምን ድሕነትን ጽድቅን ኣሰጋገርና ክነብር ቢላ ንደቃ እትሰርዖ ሕሩይ ግዜ ተሓድሶ መንፈስ ኢዩ።

ዓቢይ ጾም ሸመንተ ሰናብቲ ዘጠቃልል 55 መዓልታት ጾምን ጸሎትን ስግደትን ኣሰተንትኖን ሠናይ ተግባራትን ብፍሉይ ኣገባብ እነዘውትረሉ ጊዜ ንሥሓን ጊዜ ኣብ ፈቃርን መሓርን ዕጉስን ኣምላኽና ንምለሰሉ እዋንን ኢዩ።

## ሰንበት ዘዘውረደ

ቅዱስ ያሬድ ነዚ እዋን እዚ ዝኸውን ጸሎታት ኪደርስ ከሎ ምስ ብሉይ ኪዳንን ምስ ሓዲስ ኪዳንን ኣገናዚቡ ብሓቂ ንጹር ዝኾነ ትምህርትን ጸሎትን ኣስተንትኖን ሰሪዑ ገደፈልና። ንነፍስ ወከፍ ሰንበት ፍሉይ ሽምን ትርጉምን ብምሃብ ከዓ ዓሚቍ ትርጉም ዝሓዘለ መዛሙር ሰሪዑ ይርከብ።

**1ይቲ ሰንበት፡** ናይዚ ዘመን'ዚ ዘኅርቃል ወይ ከዓ ዘወረደ ተባሂላ ትጽዋዕ። ዘሕርቃል ዝተባህትሉ ምኽንያት ንጽባሒቱ ጾመ ኅርቃል ስለዝኣቱ ኢዩ። ኅርቃል (Emperor Heraklius) ዝተባህለ ናይ ቢዛንታይን ንጉሥ፡ ብዘመነ መንግሥቱ፡ ናይ ሃገረ ፋርስ ሓያላን ነገሥታት ንኢየሩሳሌም ወሪሮም፡ ነቲ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝተሰቅለሉ መስቀል ከይተረፈ ወሲዶሞ ስለዝነበሩ፤ ንጉሥ ሕርቃል፡ ንእግዚኣብሔር ጸግዑን ዋልታኡን ብምግባር፡ ኣንጻር ነገሥታት ፋርስ ተዋጊኡ፡ ንመስቀል ካብ ኢድ ነገሥታት ፋርስ መንዚዑ ንኢየሩሳሌም ስለዘምለሰ፡ ሕዝቢ ተሓጒሶ ብሕርቃል ጌሩ ድንቅ ዝኾነ ነገር ንዝፈጸመ ኣምላኽ ንምምስጋንን፤ ምኽንያትን መጋበርን ናይዚ ዓወት'ዚ ንዝኾኑን ንጉሥ ሕርቃል መዘከርታ ጾመ ሕርቃል ተባሕሉ ተሠርዐ።

ብኣሠያይማ ቅዱስ ያረድ ግን ሰንበት ዘወረደ ተባሂላ ትጽዋዕ። ምኽንያቱ ድማ፡ በዛ ሰንበት ክርስቶስ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ወሪዱ ምእንታና ሥጋ ምልባሱን ምስቃዩን ምማቱን ክነስተንትን ንጽዋዕ ስለዘሎና ኢዩ።

መዝሙር ናይዛ ሰንበት እዚኣ *"ንእግዚኣብሔር ብፍርሐት ኣገልግሉ"* ብምባል ቀዳማይ ጥበብ ብዝኾነት ብፍርሓት እግዚኣብሔር ተመሪሕና ብተጋድሎን ብንሥሓን ናብ ኣምላኽና ክንምለስ የስተምህረናን የተሓሳስበናን። <u>*ፈሪሃ እግዚኣብሔር ማለት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብቅንዕና ምምልላስ ማለት ኢዩ።*</u> እዚ ዝፍጸም ከዓ ሓሳብናን ቃልናን ግብርናን ብፍቅሪ እግዚኣብሔር ኪግዛእን ኪምራሕን ከሎ ኢዩ'ሞ፤ ናይ ኵሉ ሕጊ ፍጻሜ ብዝኾነት፡ ብፍቅሪ ኣምላኽናን ብፍቅሪ ብጻይናን ብዝርኢ ንዘሎና ጒድልነት ኵሉ በዚ ሕሩይ ጊዜ ተሓድሶን ጊዜ ንስሓን ኣብ ሓቁን ቁምነገሩን ንምለሶ።

<u>**ንባባት ሰንበት ዘወረደን መንፈሱን መልእኽቱን፡**</u>

1ይ ነባብ: - ዕብራውያን 13፡7-17 ... *ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለዓለምን ንሱ ኢዩ። <u>በብዓይነቱ ብዝኾነ ጋሻ ትምህርቲ ኣይትስሓቱ</u>።በቲ ነቶም ዝሰዓብዎ ሓንቲ ዘይጠቀሞም ናይ መብልዕ ሥርዓት ዘይኮነ፤ ልብኹም ብፀጋ እንተ ጸንዐ ሠናይ ኢዩ። ...*

ሓድነት ፍቅሪ ኣመላኽ ኣብ መንጎ ኣገልገልትን ተገልገልትን ኬንጸባርቕ፡ ክርስቶስ ከዓ ከምቲ ትማሊ ሎሚ፤ ከምዚ ሎሚ ድማ ንዘለዓለም ሓቅናን መገድናን ሕይወትናን ኮይኑ ንዘለዓለም ዚነብር ስለዝኾነ፡ እቲ ዝመሃረና ትምህርቱ'ውን ብጊዜ ዘይለዋወጥ ዘለዓለማዊ ሐቂ ብምኳኑ ሓዲስ ትምህርቲ ዘይኮነስ፡ ብሓዲስ መንፈስ ነዚ ሓቂ'ዚ ናትና ገርናዮ ክንርከብ የስተምህረና። ነዚ ኸዓ ኢና መሪሕ ምሕዳስ መንፈስና ገርና ክንካየድ ዘሎና በዚ እዋን ተሓድሶ-መንፈስ ኢላ ቅድስት ቤተክርስትያን ሠሪዓትልና ዘላ ጊዜ።

**2ይ ንባብ፡** - ያዕቆብ 4፡ 6 - ፍጻሜ ... *ኣምላኽ ንዕቡያት ይጻረሮም ንትሑታት ድማ ፀጋ ይህቦም... እምባኣርሲ ንኣምላኽ ብፍርሓት ተገዝእዎ፤ንድያብሎስ ተጻረርዎ ንሱ ኸዓ ካባኻትኩም ኪሃድም ኢዩ። ንኣምላኽ ቅረብዎ፤ ንሱ ድማ ኪቀርበኩም ኢዩ።... ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ትሕት በሉ፤ እናበለ ናይ ጥፍኣት መገዲ ንዝኾነ ትዕቢት ደርቢና ትሕትና ከነጥሪ ይምዕደና፤ ከመይ ኣምላኽ ንጸጋታቱ ነትሑታት ጥራሕ ኢዩ ዝህብ ከምኡ ድማ በቲ ዝተገብረልና ናይ ድሕነት ዕድመ መሠረት ናብ ኣምላኽ እንተቀረብና ኣምላኽ ድማ ኣባና ኪመጽዕን ማሕደሩ ኪገብረናን ኢዩ።*

ቀጺሉ ብፍቅሪ ሓድሐድ፤ ነነድሕድና ናይ ሠናይ ተግባር መጋበሪ ክንከውን እምበር ብምንቅቃፍ ነታ ናይ ኵሉ ሕግን ጽድቅን ኣኽሊል ዝኾነትት ፍቅሪ ከይነጒድል ይምዕደና።

ኣብ መወዳኢታ ክፋሉ ድማ ሰብ ናተይ ዚብሎ ካብ ኣምላኹ ዘይተቀበሎ ነገር ስለዘይብሉ ብትሕትና ንኣመላኽ ከመስግንን ፍቃድ ኣምላኽ ከምቲ ኣብ ሰማይ ዝኾነ ኣብ ምድሪ ኵላን ኣብ ሕይወት ነፍስ ወከፍናን ኪፍጸም ኪምህለልን ኪጽዕርን ከምዝግባእ የስተምህረና።

3ይ ንባብ፡ - ግብሪ ሓዋርያት 25፡ 13 - ፍጻሜ … ከም ሓዋርያ ጳውሎስ *ምእንቲ ክርስቶስ ክስን ማእሰርትን መከራን ሓሳርን ምቅባል ዕጫ ኵልና ተኽተልቲ ክርስቶስ ምዃኑን፤* ኣምላኽ ነቶም መሰኻኽሩ ኮይኖም ንዝቀሙ ባዕሉ ትብዓትን ቃልን ከምዝህቦምን ዘዘኻኽር ኮይኑ ንነፍስወከፍና ሕያው መሰኻኽር ክርስቶስ ኰና ክንርከብ ከምዝግበኣና የዘኻኽረና።ካብ ንሰብ ንእምላኽ ክንፈርህን ከነገልግልን ንሕይወትና ምእንታኡ ከነሕልፍን ጸዋዕታ ክርስትናና ኢዩ።
4ይ ንባብ፡ - ካብ ወንጌል ዮሓንስ 3፡ 10 - 25

ድሕነትና ምእንቲ ኪፍጸመልና ፦
1. ብወገን እግዚእብሔር-ኣብ ወሰን ዘይብሉ ፍቅሪ (16)
2. ብወገን መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ሥቃይን፡ መከራን፡ ስቅለትን፡ መሥዋዕትነትን፡ ክሳብ ሞት ታኣዛዚ ኰንካ ምርካብን፡ ኣድሊዩ (14-15)

*ብወገና ድማ፦*

3. ሰጋእ ዘይብል እምነት፤ (18)
4. ኣብ ግብሪ ዝትርጐም ሕያው እምነት የድሊ። (19-21) ንፍቅሪ / ፈሪሃ-እግዚኣብሔርን ሥቃይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ብእምነት ተቐቢልና ኣብ ግብሪ ንምውዓል ነዚ ሕሩይ ዘመን ንተሓሓዞ ኣሎና።

ፍቅሪ እግዘኣብሔር ኢዩ ንድሕነትናን ንመሥዋዕትነት መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ተግባራዊ ዝገብሮ።ስለዘፍቀረና ኢዩ ምእንቲ ድሕነትና ኪብል ንሓደ ወዱ በጃና ኪኸውን ኣሕሊፉ ዝሃቦ።

ነዚ ፍቅሪ እዚ ተቀቢልና ክንክእልን መስዋዕትነት መ.ኢ.ክ ከዓ ኣብ ቁምነገሩ ኪበጽሕ፡ ማለት ነፍስወከፍና ድሒናን ተቀዲስናን ክንርከብ፡ በታ መንፈስ ቅዱስ ብኣፍ ዳዊት መዘምር ገሩ "ንእግዚኣብሔር ምፍራሕ መጀመርታ ጥበብ ኢያ" (መዝ. 111፡ 10) ቢሉ ዘስተምህረና፤ ብፈሪሃ እግኣብሔር ክንካያድ የድልየና። ፈሪሃ-እግዚኣብሔር ንክርስትያን ካብ ኣምላኽን ቃል ኣምላኽን ዝተኣዘዘ፡ ብመንፈስ ውሉድነት ዝተሰነየ ኣኽብሮን ተኣዝዞን ዝሓትት መንፈሳዊ ተግባር ኢዩ።ብሓልዮት ኣምላኽን፡ ብፍቅሪ ኣምላኽን፡ ብምሕረት ኣምላኽን እናተደነቅካ፡ ከም መስዋዕቲ ምስጋና ዝቀርብ ውዳሴን ኣምልኾን ኣኽብሮን ከዓ ኢዩ ተግባራዊ ዝገብሮ።

እምበኣርከስ ኣብዛ ቀዳመይቲ ሰሙን ጾመ ኣርብዓን ዝተረፈ መዋዕል ሕይወትናን ውራይ ድኅነትና ስለዝኾነ ብዓቢይ ተገዳስነት፦

1. ኣብ ቅደሚ ኣምላኽ ብፍርሓት/ብፍቅሪ ክንመላለስ
2. ንግሥተ መንፈሳውያን ሓይላት ንዝኾነት ትሕትና ዋና ረቛሒት መንፈሳዊ ሕይወትና ገርና ክንካየድ፤
3. እምነትና ብጊዜን ብኵነታትን ዘይለዋወጥ ኣብቲ ሓቂ ብርእሱ ዝኾነ ክርስቶስ ዝተመስረተ ብምዃኑ ንእምነትና ንፍለጦ ካብ ብልን ዓይንና ንላዕሊ ገርና ንሓልዎን፡

4. ክብርናን ሞገስናን ካብኡን ብኣኡን ስለዝኾነ፡ ኃይሊ ክርስቶስ ምሳና ክሳብ ዘሎ ካብ ክርስቶስ ዝኽእልየና ዝኽእል ኃይሊ ከምዘየሎ ተገንዚብና ብሞት ኮነ ብሕይወት ምስኡ ክንርከብ ንትጋህ፡
5. ንኽብሪ እግዚኣብሔር ዝተፈጠርና ክቡራት ፍጥረት ስለዝኾና፡ ነዚ ክብሪ'ዚ ብዘንጸባርቅ መገዲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ ሰብን ንመላለስ፡
6. መሥዋዕትነት ክርስቶስ ኣብ ሕይወተይ ግቡእ ፍሬኡ ኪፈሪ ለይቲ ምስ መዓልቲ ንጽዓር፡
7. ንዝሓለፈ ሕይወትና መርሚርና ንኽበሪ እግዚኣብሔርን ንጽድቅናን ዘይበቅዕ ወገኑ ብንሥሓ ገርና ነሓድሶ፡
8. ቍርጺ ፍቓድና ኣሓዲስና ካብ ሞት ናብ ሕይወት ምስ ዝተሳገሪ ክርስቶስ ካብ ሞት ሓጢኣት ናብ ትሕድስቲ ሕይወት ተሳጊርና ቅዱስ ፋሲካ ንምብዓል ንሰናዶ።

ወላዲተ ኣምላኽ እግዝእትነ ማርያም ረዳኢትናን ኣማላዲትናን በዚ ቅዱስ ጊዜ እዚ ተሰንየና። ኣሜን።